## መልእኽቲ ናብ ምድራውያን ( መልእኽቲ ንወዲ ሰብ )

## ፍቑር ኣልፋ (ሰማያዊ ኣቦና)

ብ ኣቆጻጽራ ኤሮፓ፣ ብዕለት 1 ብወርሂ ሰነ 2005 ዓ.ም ዝተመሃላለፈ መልእክቲ



ኣነ ኣልፋ እየ፣ ንኹሉም ኣብ ምድሪ ትነብሩ ደቂ ሰባት መልእኽቲ ሒዘ እየ መጺአ።

(ኣነ ሰማያዊ ኣቦኹም እግዚአብሄር እየ) ኣብዚ እዋን እዚ ትኹረትኩም ክትሕልው ዝሕግዘኩም ኣገዳሲ መልእኽቲ ክህበኩም እየ። ኣብ ልብኹም ኣተኩሩ ፣ ልብኹምን ንስኻትኩምን በይንኹም ክቡራት ደቀይ።

ኣብዛ ዓለም ካልእ የለን። እቲ እንኮ መእተዊ መለኮታዊ ሓቂ ኣብ ውሽጢ ልብኹም እዩ።

ኣብ ስጋዊ ዓለም ኩሉ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ንዕብየትኹምን ምዕባለኹምን፣ ነብሰ-ስዕረትኩም ምዕባለ ንቕሓትኹምን ጥራይ እዩ ዝምችእ።

እስካትኩም ብቐጻሊ ኣብ ምንቅስቓስ እትነብሩ ተጓዓዝቲ ኢኹም። ኣብ ዘይትንቀሳቀሱሉ እዋን እውን እንተኾነ፣ ምስ ፕላኔትኩምን ስርዓተ ጸሓይኩምን ጋላክሲኩምን፣ ኣሽሓት ሚልዮናት ኪሎሜተር እናበረርኩም ሰፊሕ ርሕቀት ዓለም ትጓዓዙ። እዚ ድማ እቲ ደጋዊ ኣድማስ እዩ። ካልእ ኣድማስ ድማ ኣሎ፣ ውሽጣዊ ኣድማስ፣ ኣፍደገ ናይዚ ኣድማስ ድማ ኣብ ውሽጥኩም፣ ኣብ ልብኹም እዩ።

ቀጻሊ ስጉምትኹም ነዚ ኣፍደገ ናብ መለኮታዊ ዓለም - ግዜ ዘይስዕሮን ቦታ ዘይብሉን፣ ኩሉ ዝከኣሎን ፍጹምን ዝኾነ ዓለም፣ ምንጪ ኩሉ ነገራትን ፣ ምምላስ ኩሉ ነገራትን ድማ ዝኾነት ዓለም ምርካብ ክኸውን ይግባእ። እዛ ዓለም እዚኣ ዓለምኹም፣ ቤትኩም፣ ሓቀኛ መግለጺኹም እያ። ካብዛ ዓለም እዚኣ ኢኹም ናብ ስጋዊ ዓለም መጺእኹም፣ ንዋታዊ (ቁሳዊ) ዓለምኹም ዝፈጠርኹም።

ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ፍጡራት ብርሃን ፣ ነቲ ንዋታዊ ዓለም ይፈጥሩዎ ነይሮምን፣ ሕጂዉን ይፈጥሩዎ ኣለዉን። ንስኻትኩም እውን ፈሊጥኩምን ዋላ ከይፈለጥኩምምን ነፍሲ ወከፍኩም ኣብዚ ፈጠራዊ መስርሕ ደጋዊ ዓለም ትሳተፉ ኣለኹም።



www.birhan.org admin@birhan.org Tel: +41 79 392 2970 Chemin de la chevillarde 51 1224, Chène Bougeries Genève, Switzerland
Date : - 26.10.2021

ሓደ ቀልዓ ኣቃውማ ዝተሓላለኸ ዓለም ዘይርድኦ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብዛ ንዋታዊ ዓለም ይውለድን ይነብርን። ሽዑ እቲ ቀልዓ ይዓቢ፣ ፍልጠት ይረክብን ኣብ ህንጻት ዓለምን ንጥፈታታን ብንጥፈት ይሳተፍ።

ንስኻትኩም ቆልዑ ኢኹም። ብደረጃ ንቕሓትኩም ዓለማት ኣብ ምፍጣርን ስርዓትን ንጽህናን ናይዘን ዓለማት ኣብ ምዕቃብን፣ ብንጥፈት ክትሳተፉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ሕጂ ግና እቲ ግዜ በጺሑ ስለ ዘሎ ክትዓለዉ ኣለኹም።

ናብ ዓለም በላህቲን ዓበይቲን፣ ንምእታው ናይ መወዳእታ ብድሆኹም ኣፍደገ ልብኹምን፣ ኣፍደገ ሓቀኛ ዓለም ኣምላኽ ምርካብ እዩ።

ኩልኹም ነዞም መልእኽትታት ተንብቡ ዘለኹም ናይ መወዳእታ ፈተናኹም ክትሓልፉ ክትክእሉ ብሓቂ ተስፋ እገብር፣ እዚ ድማ ምስ ኣምላኽ ሓባራዊ ፈጣሪ ክትኮኑን፣ ኣብዚ ኣድማስ እዚ መደብ ኣምላኽ ክትፈልጡን፣ ኣብ ግብሪ ከተውዕሉዎን ሓይሊ ክህበኩምን እዩ። በቲ ጸቢብ ምስጢራዊ ማዕጾ ኣቢልኩም ናብቲ ኣብ ውሽጢ ልብኹም ተሓቢኡ ዘሎ ምስጢራዊ ቦታ ክትኣትዉ ኣለኹም።

ዋላ ሓደ ሰብ ኣብ ርሑቕን ዘደንቕን ጉዕዞ ህዋ እንተዓደመኩም፣ ካባኹም ወጻኢ ብዛዕባ ርሑቕ ዓለማት ኣፍልጦ ክህልዎ፣ ኣይኽእልን እዩ። ኣፍደገ ኩሉ ዓለማት፣ ርሑቕን ካልእን ዓለማት፣ ኣብ ልብኹም እዩ ዘሎ። ፍቕሪ ድማ መፍትሕ ኣብ ልብኹም ዘሎ ማዕጾ እዩ።

ነዚ ማዕጾ ድማ ብሓገዝ ሕልናኹም፣ መለኮታዊ ንቕሓትኹም ክትኸፍቱዎ ትኽእሉ ኢኹም። ግዳማዊ ንቕሓትኹምን ፣ግዳማዊ ኣእምሮኹም ክዕንቅፈኹም እዩ፣ ኣብ መንገድኹም ድማ ደጋጊሙ ዕንቅፋታት ከእትወልኹም እዩ።

ሕጂ ግን እቲ ምስጢራዊ ኣፍደገ ዓለም፣ ኣበይ ከም ዘሎ፣ ካበይ ከም ዝመጻኹምን ናበይ ከም እትምለሱን ትፈልጡ ኢኹም። ኣብ ህይወት ጎደና ኣብ እትገጥሙሉ ፈተናታት መፍትሕ ናይዚ ማዕጾ ክትዝክሩ ፈትኑ (መፍትሕ ማዕጾ ፍቕሪ እዩ)። ነዚ ጸቢብ ማዕጾ ንኸይትኣቱዎ ዝዓግተኹም ኩሉ ነገራት ድማ ካብ ሕልናኹም ከተውጽኡ ፈትኑ።

ብዘይካ እቲ ብጠፈርን ግዜን እናተጓዓዝኹም ዘጋጠመኹምን ክሳብ ሕጂ ዘጋጥመኹምን ዘሎ ብዋጋ ዘይሽነን ተመኩሮታት፣ ኣብ ዓለም ካብዝነብሩ ነገራት ዋላ ሃደ እኳ ፣ ኣብ ሓቀኛ ዓለም ኣምላኽ ዝጠቕመኹም ነገር የለን።

ንምንታይ ናብ ዓለም ከም ዝለኣኹኹም እንተዘኪርኩም ድማ - ነቲ ሃብቲ ንክትረክቡ እየ ሰዲደኩም። እዚ ስንቂ እዚ ድማ ጠንቂ (ምኽንያታዊ ነብስኩም) ኣካልኹም እዩ፣ ዘይጠፍእ ክፋልኹም እዩ። እዚ እቲ ዝዓበየ ሃብትኩም ኢዩ፣ ብዋጋ ዘይሽነን ሃብትኹም እዩ፣ ዘይረስስን ዘይብስብስን ሃብትኹም።



www.birhan.org admin@birhan.org Chemin de la chevillarde 51 Genève, Switzerland
Tel: +41 79 392 2970 1224, Chène Bougeries Date : - 26.10.2021

ብዙሓት ካባኻትኩም ዕድልኩም ረኺብኩም ኣለኹም፤ ነዚ እየ ድማ ናብ ዓለም ሰዲደኹም። ሕጂ ድማ ናብ ገዛኹም ክትምለሱ ኣለኩም፣ መን ምዃንኩምን ስለምንታይ ናብታ ዓለም ክትገይሹ ከም ዝወሰንኹም ክትዝክሩ ምእንቲ።

ናብ መለኮታዊ ሓቂ (Higher Reality) ክንነቅሕ ግዜኡ እዩ። ግዜ በጺሑስ እቲ ግዜ ድማ ኸኪሉ እዩ።

መንገዲ ኣርኢናኩም ኣለና። መንገዲ ትፈልጥዎ ኢኹም። ናብ ገዛኹም ንምምላስ ዘድልየኹም ኩሉ ኣለኩም። ደቀይ ይጽውዓኩም ኣለኹ።

ብዛዕባኹም ብዙሕ እየ ዝሓስብ። ናፊቀኩም ድማ ደቀይ ፣ ትሰምዑኒ ዲኹም?

ስለዚ መን ምዃንኹም ብዘየገድስ፣ ኣብ ጉዕዞ ዕድመኹም እዚ ሃብቲ እንተዘይረኺብኹሞ ተስፋ ኣይትቑረጹ። ዋላ ሓንቲ ከይሓዝኹም (ኸይረኸብኩም) እንተመጻእኹም እኳ ብሓጎስ ክቕበለኹም እየ። ናብ ሰማያዊ ቤትኹም ጥራይ ተመለሱ። ኣብ ልብኹም ዘሎ ምስጢራዊ ማዕጾ ድለይዎ።

ደቀይ ይጽበየኩም ኣለኹ።

**ኣነ ሰማያዊ ኣቦኹም እግዚኣብሄር እየ።**

*እዚ ጽሑፍ ቃል ብቓሉ ብትግርኛ ዝተተርጎመ መልእኽቲ እግዚኣብሔር ብመልእኽተኛ ታቲያና ሚኩሺና ኣብ መርበብ ሓበሬታ ስርየስ ኔት ዝተዘርግሐ መልእኽቲ እዩ።  This article is a verbatim translation of the English version of the* ***Lord Alpha (Our Heavenly Father) message*** *as it has been received by the* ***Messenger Tatyana Mickushina.*** The message *was streamed on Jun 1, 2005, on the following website:- follow this link*

ተርጓሚ **መስፍን ሓጎስ ተወልደ** (ዕለት :- እ ኤ አ 26.10.2021)



www.birhan.org admin@birhan.org Tel: +41 79 392 2970 Chemin de la chevillarde 51 1224, Chène Bougeries Genève, Switzerland